# ዝኽሪ መበል 15 በዓል ነጻነት
# ኤርትራ ኣብ ስቶክሆልም

ዝኽሪ መበል 15 ዓመት በዓል ነጻነት ኤርትራ ኣብ ስቶክሆልም ብዓብይ ድምቐት ከቢሩ ኣምስዩ።
ዝኽሪ በዓል ነጻነት፡ ነቲ በዓል ነጻነት ዝተዳለወ ጽሑፍ ድሕሪ ምንባቡ፡ ፍልይ ዝበለ ብሰልፊ ዲሞክራሲያዊ ትንሳኤ ኤርትራዊ ሓጺር ውድባዊ መግለጺ ቀሪቡ። ብተወሳኺ ገዳይም ተጋደልቲ ብጾት መምህር ዑቕባሚካኤል መስመርን ብጻይ ከሊፋ ዑስማንን፡ ናይ ሕሉፍ ቃልሲ ተምክሮታቶም ገለጹ፡ እዚ ከኣ ነቲ ምሸት ድምቐት ሂብዎ።

ተሳተፍቲ በዓል፡ ንሲቪላዊ ማሕበራት ኤርትራ ደሪኽቲ ሓይሊ ፖለቲካውያን ውድባት ምዃኖምን፡ ኣብ'ዚ ቃልሲ ድማ ዘለዎም ግደን ተራ ዓብይ ብምዃኑ ድሕሪ ምምይያጥ፡ ሲቪላዊ ማሕበር ነጻን ግሉጽን፡ ወገንን ጸግዕን ዘይብሉ ማሕበር ኮይኑ ቃልሱ ከሰላስል ከም ዘለዎ ኣሚቱ።

ንዝኽሪ መበል 15 በዓል ነጻነት ኤርትራ ብኣዳለውቲ በዓል ዝቐረበ ጽሑፍ እንሆ፡

ብመጀመሪያ ንምእንቲ ነጻነትን ሓርነትን ምሉእ ፍትሒ ኣብ ኤርትራ ክረጋገጽ ሂወቶም ዝኸፈሉ ሰማእታት ብምዝካር፡ ንህዝቢ ኤርትራ ዋና መሬቱ ክኸውን ዝበቐዐ ንዝኽሪ መበል 15 ዓመት ነጻነቱ እንቋዕ ሓጎሰካ ንብል።

ክቡራት ዕዱማትና

ብስም ጨንፈራት ግ.ሃ.ድ.ኤን፡ ተ.ሓ.ኤ ሰውራዊ ባይቶን፡ ሰልፊ ዲሞክራሲያ ኤርትራን፡ ሰልፊ ዲሞክራሲያ ትንሳኤ ኤርትራ፡ ማሕበር ስኒት ኤርትራ ሽውደን፡ ዕድሜና ኣኽቢርኩም ኣብ'ዚ ናይ ሎሚ ዕለት በዓል ነጻነት ምሳና ሓቢርኩም ምውዓልኩም ምስጋናና ክነቕርብ ንፈቱ።

ዝኸበርኩም ኣባላት ውድባት
ክቡራት ዕዱማትናን

ሎሚ ዕለት 28 ግንቦት፡ ነቲ ንመበል 15 ግዜኡ ዝኽበር ዘሎ በዓል ነጻነት ኤርትራ ሕድሪ ስውኣትና ከንጽንዕን ከንሕይልን ከነትርርን፡ መብጽዓና ከኣ ብተመሳሳሊ ክነጽንዖን ከንሕይሎን ከነትርሮን፡ ብሉ ኣቢልና ከኣ ሓጺናዊ ሓድነት ኤርትራውያን እነረጋግጸሉ ኣጋጣሚ'ዩ።

ህዝቢ ኤርትራ ካብ ዓሚ፡ ሎሚ ዘበን፡ ካብ ትማሊ ከኣ፡ ሎሚ መዓልቲ፡ ኩነታት ሂወት ናብርኡ፡ ብሰንኪ ምልካዊ ፖሊሲ ህ.ግ.ዲ.ፍ ክግፋዕን፡ ግዳይ ስልጣን ማእከላይ ባይቶ ህ.ግ.ዲ.ፍን ጀነራላቱን ኮይኑ፡ ኣብ ፖለቲካዊ መዳያት መሰረታዊ ግቡእ መሰላቱ፡ ኣብ ቁጠባ፡ ወርቁን ጨርቁን፡ ኣብ ምክልኻል፡ ደቁን ደቂ ደቑን፡ ኣብ ባህላዊ ድማ ያታዊ ንቡር ባህሉ ብዘይፍታሓዊ ኣገባብ

ተመንጢሉን ተሓዲጉን፡ ኣብ ውሽጢ ገዛእ ሃገሩ ከም እሱር ኮይኑ ዝናበረሉ ዘሎ እዋን፡ ንሕና ብመንጽር እቲ ግፍዕታትን ጭቆናታትን ንዝኽሪ ነጻነት፡ በቲ ክነብዕለሉን ክንዝከረሉን ዝግባእ ደረጃ'ኳ እንተዘይዓመምናዮ፡ ንምእንቲ ዝኽሪ ብዓቕምና ንፍጽሞ መብጽዓ ብትሕዝትኡ ዘንጸባርቕ እንተዘይኮነ፡ ቁም ነገሩን መልእኽቱን ዓብይን ዕዙዝን'ዩ፡ ናይ ሕልናን ኣእምሮን ቅሳነት ከኣ ዘርዊ እዩ።

ብመሰረቱ ግን ትሕዝቶና ውሒዱ፡ ኢድ ሓጺሩናን ኣይኮነን። ይኹን'ምበር ደምበ ተቃውሞ ብፍላይ፡ ህዝቢ ተቐማጠ ስቶክሆልም ከኣ ብሓፈሻ፡ ነቲ ጾር መብጽዓ ህዝባና፡ ሕድሪ ስውኣትና ጸይርና፡ እንተወሓደ ነዛ መዓልቲ'ዚኣ ንምኽባር፡ ኣብ ዓመት ሓንቲ ግዜ ንምስክር እምነ ኩርናዕ ንቡር ሓድነት ንምምላስ ክንጥቀመላ ዘይምብቃዕና ጥራሕ'ዩ።

ክንበዝሕ ካብ'ቲ ብግዜያዊ ረብሓኡ ምስ መንግስቲ ህ.ግ.ዲ.ፍ ዝጓየይ ዘሎ ኣካልና ዝኾነ ህዝቢ ንበዝሕን ንሕይልን'ና፡ የግዳስ ሓይልኻ ኣብ'ቲ ክውዕለሉ ዘለዎ ምስ ዘየተውዕሎ፡ ተፈላሊኻን ተፈንጪልካን ክርከብ ዝኽእል ሓይልን ሓድነትን ንስለ የልቦን፡ እዚ ከኣ ከም ባህርያት ቃልሲ'ዩ ተባሂሉ ክሕለፍ ዘይብሉ በርቲዕና ክንቃለሰሉ ዘሎና ጉዳይ ምኳኑ ምፍላጥ ኣድላይነት ከም ዘለዎ ኣመልኪትና ክንሓልፍ ንደሊ።

ህዝቢ ኤርትራ ከም'ቲ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ብቲቪን ሬድዮን ብዝፍንዎ ጸለምን ክስን፡ ኣብ ሓንጎሎም ክሸኹዓሎም ንዝፍትን ዘይኮነስ፡ ህዝቢ ኤትራ ትጽቢታት ተስፋታት፡ ትጽቢትን ተስፋን ደቁ፡ ትጽቢት ሰላም፡ ክቡር ዋጋ ሰብኣዊ መሰላቱ ክምለሰሉ ወትሩ ሃረር ዝብሎ'ዩ። ነዚ ክዉን ንምግባሩ ክኽእል ከኣ ሓይልና ክንዕቅብ፡ ኣብ ሓድሕድና ሓድሕድና ክንተሓላለይን ክንከባበርን ይግባእ።

ኣብ መደምደምታ፡ ኣብ ሃገርና ሰላምን ዲሞክራስን፡ ማዕርነትን፡ ፍትሕን ክሰፍን ቃልስና ከነሕይል መስረኽ ዝሓተና ዘሎህያው ጉዳይ ምኳኑ ተገንዚብና፡ ስሩዕን ጽፉፍን ቃልሲ ክነካይድ ኣዝዩ ተደላይ ምኳኑ ክንስሕቶ ዘይግባእ እዩ።

መተሓሳሰቢ፡
ኣብ'ቲ በዓል ዝተወስደ ስእልታት ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ከነቕርበልኩም'ና።

ዝኽርን ክብርን ንስውኣትና
ልዕላዉነት ኤርትራ ንዘልኣለም ይከበር፡

28 ግንቦት 2006
ስቶክሆልም